# እዉጅ ስነ ኣእምሮኣዊ ኲናት
# ኣብ ልዕሊ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ

ብተስፋማርያም ሓጎስ

ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ኣብታ መሬቱ ተፈጢሩ ኣብኣ እናተተኻኸአ ዝነብር ዝነበረን ዘሎን ንዘለኣለም ዝነብርን እዩ። እዛ መሬት ናቱ ናይ በይኑ እያ። ብነጻነት እናተሓበነ ኣብ ከርሲ ማያን መሬታን ኣየራን ዘሎ ባህርያዊ ጸጋታት እናተጠቕመ ይነብር። እዚ ናቱ እምበር ብማንም ዝልገሰሉ ወይ ዝምጽወተሉ ነገር ኣይኮነን። እቲ ባህርያዊ ነጻነት ማለት እምበኣር እዚ እዩ።ደለይቲ እንዳማቶም ስሱዓት ዓመጽቲ መንግስታት ይኹኑ ህዝብታት ግን ነዚ ባህርያዊ ኣምር ረጊጾም መሬት እንዳማቶም ንምግባት ኣብ ልዕሊ ኣህዛብ ሓዊ ክውልዑ ይረኣዩ።እዞም ዓመጽትን ወረርትን ኣባትርን ዘራያትን ኣኻኺቦም መሬት እንዳማቶ ንምጕባጥ ኣብ ልዕሊ ሰላማዊ ህዝብታት ዘይተኣደነ ሰብኣውን ንዋታውን ክሳራታትን ዕንወትን ከውርዱ ይረኣዩ።እንተኾነ ኣብ መወዳእትኡ ኣብታ ንኻልኦት ሰላማውያን ኣህዛብ ንምንዳድ ዝኣጎድዋ ሓዊ ተለብሊቦ ካባ ሕፍረት ተኸዲኖም ንዓዶም ይምለሱ።እዚ ዘርእየና ዓመጽ ኣብ ልዕሊ ፍትሒ ክትዕወት ከምዘይትኽእል እዩ።

ንሕና ኤርትራውያን ኣብ ዓለም ብቐዳምነት እንስራዕ ብዘይ ናይ ማንም ደገፍ ኣብ ኩሉ መዳያት ነብስኻ ምኽኣል ኣብ ዝብል መስመር ረጊጽና ነጻነትና ዝተጓናጸፍና ህዝቢ ኢና።ንሕና ከም ወርቂ ብሓዊ ተፈቲንና ዝወጻእና ዘይንንደል ሓያል ህዝቢ ኢና። ናይ ምዕራብ ሃገራት ኣብ ዝተፈላለዩ መድረኻት ንምምብርካኽና ጥራይ ዘይኮነስ ጭራሽ ንምጥፋእና ዘይፈትንኦ ፈተነ ዘይወልዕኦ ሓዊ ኣይነበረን ገና ውን ይቕጽልኦ ኣለዋ።

እንተኾነ ንምምብርካኽናስ ይትረፍ ንጉዕዞና ውን ጠጠው ወይ ክዕንቅጽኦ ኣይከኣላን። ኣብዚ ኣብ 1998 ሓንሳብን ንሓዋሩን ካብ ምድረ ገጽ ንምጥፋእና ብኢትዮጵያ ኣቢለን ዝወልዕኦ ኲናት ብጽንዓት መኪትና ብዓወት ምውጻእና ንመላእ ህዝቢ ዓለም ዘገረመን እዩ። እዚ ንናይ ምዕራብ ሃገራት ዘሰንበደን ውሽጣዊ ጭንቀት ዝፈጠረለን ጉዳይ ዳግማይ ክዕወታሉ ዝኽእላ መንገዲ ሃሰው ክብላ ኣገዲድወን እዩ። ሕጂ ውን ሓድሽ ብልሓት ረኺብና ኣሎና ኢለን ዝሰርሓሉ ምኹን ነገር ሒዘን ይሰርሓ ከም ዘለዋ ንፈልጥ ኢና። እዚ ውን ከምቶም ቀዳሞት ክፈሽሉ ጥራይ ዘይኮነስ ንሕና ውን ብኣንጻሩ ብጉዕዞ ምዕባለ ኣብቲ ዝበረኸ ክንበጽሕ ምኳንና ዓው ኢልና እንዛረቦ ሓቂ እዩ።በዚ ኲናት ምስ ተሳዕሩን ሕልሞም ሕልሚ ኮይኑ ምስ ተረፈን ፡ ኝኤርትራ ኣብ ኣይሰላም ኣይኲናት ሃዋሁው ጸሚዶም እቲ ኣፍራዩ ክፋል ህዝባ ኣብ ግምባር ኲናት ንዓመታት ክጽመድ እሞ ቊጠብኣ ርሞቕሞቕ ኢሉ ክትጠፍእ እዩ ኔሩ።እንተ ኾነ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ወፍሪ ዋርሳይ ይከኣሎ ኣበጊሱ ንሃገር ካብ ጻት ንጻት ሃነጻን ኮልዓን ደኣ።ሕጂ ውን ሕልሞም ዳግማይ ሕልሚ ኮይኑ ምስ ተረፈ ኣብ ካልእ ኲናት ምሕንጻጽ ኣተዉ።

እዚ ከኣ ስነ ኣእምሮኣዊ ኲናት እዩ።ሓንሳብ ህዝብታት ንምልማስ ባዕሎም ዝጠፍጠፍወን ክርስትያን መሰል ሃይማኖታት ኣብ ኤርትራ ብምውፋር ንመንእሰይ ንህዝቡን ሃገሩን መታን ከየገልግል ሃይማኖትካ ኣየፍቅድን እዩ እናበላ ከህተፍትፋ ጸኒሐን ኣለዋ። ንመንግስትን ህዝብን ኤርትራን ድማ መሰል ሃይማኖት ይግህስ ኣሎ እናበላ ጸለመታተን የካይዳ ። ንህዝቢ ኤርትራ ብዛዕባ ሃይማኖት ክምህሮ ዝኽእል ሃገር ይኹን መንግስቲ ኣብዛ ዓለም የሎን፡ እቲ ምንታይሲ ቅድሜና ክርስትና ይኹን ምስልምና ዝተቐበሉ ኣህዛብ ኣዝዮም ኣዝዮም ውሑዳት እዮም። ኣብ ኤርትራ ክርስትና ኣብ መጀመርያ ክፍለ ዘመን እዩ ኣትዩ። ምስልምና ውን ኣብ ኤርትራ ክኣቱ እንከሎ ነብዪ መሓመድ ኣብ ዓለም ብህይወት ኔሩ።እዞም ተኺሉ ናይ ምዕራብ ሃገራት ግን „ ልዕሊ ጳጳስ ካቶሊክ ምኳን“ ከም ዝበሃል ንህዝቢ ኤርትራ ብዛዕባ ሃይማኖት ክመጻደቕሉ ዘስደምም እዩ። ንሳቶም ከምዚ

እናበሉ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ስነ ኣእምሮኣዊ ጭንቀት ንምፍጣር ዝገብርዎ እከይ ውጥን እዩ።ዕላምኦም ኣቐዲምና ስለ እንፈልጦ ግን ስነ ኣእምሮኣዊ ጭንቀት ዘይኮነ ዘሕድረልናስ መመሊሱ የሐንሕነናን ከም ሽደን ኣምበሳ ፋረና ገቲርና ከም እንነብሕን ወይለኻ ጸላኢ ከም እንብልን እዩ ዝገብረና። መዓስ እዚ ጥራይ ህዝቢ ኤርትራ ካብቶም ውሑዳት ቀዳሞት ኣህዛብ  ክልቲኡ ሃይማኖት ዝተቐበሉ ክነሱ ንልዕሊ ዓሰርተው ሽዱሽተ ዘመን ብሰላምን ስኒትን እዩ ዝነብር። እዚ ህዝቢ እዚ ኣብ ታሪኹ ኣስላምን ክርስትያንን ዋላ ንሓንቲ መዓልቲ ውን ተገራጭዩ ዘይፈልጥ ምዕቡል ህዝቢ እዩ። ኣብ ዓለምና ብሰንኪ ሃይማኖት ዝለዓል ግርጭትን ውግእ ሕድሕድን ብሚልዮናት ዝቑጸሩ ኣህዛብ ሃሊቖም ሃገራት ሕምስምስ ኢለንን ገና ውን ይሕመሳ ኣለዋ። ንሕና ኤርትራውያን ግን ክንሕጎስ ብሓባር ክንቃለስ ብሓባር ክንስዋእ  ብሓባር ሃይማኖታዊ በዓላትና ከነብዕል ብሓባርን ብስኒትን ኢና እነብዕል። ከማና ኣበየናይ ዂርናዕ ናይዛ እንነብረላ ዓለም ኣሎ! ናይ ምዕራብ ሃገራት ንህዝብን መንግስትን ኤርትራ ብናይ ሃይማኖት መሰል ዘይምኽባር ክውንጅልዎ እንተ ደኣ ኮይኖም ብርግጽ ናይ ዓይኒ ዕዉራት ጥራይ ዘይኮኑስ ናይ ኣእምሮ ውን ዕዉራት እዮም። ንሕና ኤርትራውያን በዝን ወዲ ከምዝን ናይ ምዕራብ ሃገራት ስነ ኣእምሮኣዊ ጭንቀት ነሕድር ህዝቢ መዓስ ኮይንና፡ ንሕና ንሕና ኢና ንገብሮ ኣጸቢቕና ንፈልጥ ኣኽላባት እንተነብሐ ቅጭጭ ዘይብልና ኣመት ውራይና ጥራይ እንገብር ተባዕ ህዝቢ ኢና። ህዝቢ ኤርትራ በዝን ከምዝን ናይ ምዕራብ ሃገራት ስነ ኣእምሮኣዊ ዂናት ዝሰናበድን ዝርዕድን እንተ ዝኸውን ኔሩ በቲ  ኣብ 1978 ዝተራእየ ናይ ሕብረት ሶቭየትን ሰዓብታን ቀጥታዊ ምትእትትታውን ምቅይያር ሚዛን ሓይሊን ፋሕ ብትን ኣትይዎ ምጠፍአ ኔሩ፡ ህዝቢ ኤርትራ ግን ጸላእቱ ኣድቂቑ ዝፈልጥን መዓስን ብኸመይን ኣበይን ከም ዝገጥሞምን ዘጥፍኦምን ኣጸቢቑ ስለ ዝፈልጥን ኣይረዓደን ኣይሰንበደን መሊሱ እኳ ደኣ ሓንሓነን ተብዐን። ናይ ምዕራብ ሃገራት ኣብ ኣፍሪቃ ዘለዎም ቅሉዕ ኣጀንዳ ፡ ንኣፍሪቃ ኣብ ነንሓድሕዶም ተማቒሎም ነቲ ዝበዝሕ ህዝቢ ብስዉር ኣጥፊኦም ክነብሩላ እዩ። ኤውሮጳ ይኹን ኣህጉር ኣሜሪካ ብኹለ እንትናኡ ደቂ ሰባት ጥዕንኦም ተሓልዩ ክነብርሉ ዘይክእሉ ስሙም  ኮይኑ ተሪፉ እዩ። ሕጂ እታ ዘይተበከለትን ብባህርያዊ ጸጋታት ዝተዓደለትን ድንግል ኣህጉር ኣፍሪቃ ኣብ ብሌን ዓይኖም ተገቲራ ትረኣዮም ዘላ ኣህጉር እያ።ንህዝቢ ኣፍሪቃ ብቐዘፍቲ ሕማማትን ውግእ ሕድሕድን ከም ዝረግፍ ምግባር ደይ መደይ ኢልካ ዝተገብረ እዩ። ኣፍሪቃ ብከምዚ ዘላቶ እንተቀጺላ ኣብ ሓጺር እዋን ብዘይ ውግእ ናይ ሰብ ምድረ በዳ ከይትኸውን የፍርሕ። እዚ ንህዝቢ ኣፍሪቃ ሕማቕ ዕድል ክኸውን እንከሎ ንናይ ምዕራብ ሃገራት ግን ድጉል ምርቓ  እዩ። ንህዝቢ ኣፍሪቃ እንጌራ ኣብ ኣፍ ደገ ገዝኡ እንከሎ ንምልማሱ ተባሂሉ ዝዓሰወ እኽሊ ረዲኤት ብግዲ ከም ዝወስድ ይግበር ብኡ ኣቢልካ ሞራል ናይቲ ህዝቢ መሬት ከም ዝዘብጥ ጌርካ መንእሰይ ወለዶ ኣብቲ ናይ ዘለኣለም ባርያ ክኾነሉ ዝኽእል ዝተዳለወሉ ንምዕራብ  ከም ዝስደድ ይገብሩ፡ እዚ ከኣ ኣብተን ሃገራት ኣረጋውያን ጥራይ ከም ዝተርፉ ጌርካ ኣብ ሓጺር ግዜ ብቐሊሉ ኣፍሪቃ ንምሓዝ እዩ። ኤርትራ ሳላቲ ዝሓለፈቶ ናይ ሰላሳ ዓመታት መሪር ቃልስን ሳላቲ መሪሕ ውድብ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ነቲ ናይ ምዕራብ ሃገራት ተንኮልን ናይ ርሑቕ ዕላማን ኣቐዲማ ስለ ዝፈለጠቶ ኣብ መጻወድያኦም ኣይእተወትን። ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ኩሉ ጽፍሕታት ህይወት „ ርእስኻ ምኽኣል“ ኣብ ዝብል መርገጺ ጠጠው ኢሎም ንእንጌራ ረዲኤት ፎእ ብምባል ለይትን ቀትርን ኣስሚሮም ካብ ህጻን ክሳብ ብምርኩስ ዝኸይድ ሽማገለ ይሰርሑ ስለ ዘለዉ እነሆ ሃገር ካብ ጻት ንጻት ትዕንብብ ኣላ። ሃገር ትህነጽ ኣላ። በዚ እያ ከኣ ኤርትራ መሪሕ ኮኸብ ኣፍሪቃ ክትከውን ዝኽኣለት። እተን ካብ ኤርትራ ብኣማእት ግዜ ዝበዝሐ ባህርያዊ ጸጋታት ዘለወን ሃገራት ንኤርትራ ርእየን እንተሰሪሐን ኣፍሪቃ መሪሕ ናይዛ ንነብረላ ፕላኔት ከም እትኸውን ኣየጠራጥርን። እዚ ንኣፍሪቃውያን ድጉል ምረቓ ክኸውን እንከሎ ንናይ ምዕራብ ሃገራት ግን እሾኽ ዳንዴር ኣብ ውሽጢ ዓይኒ እዩ።በዚ ምኽንያት እዚ እዮም ከኣ ንኤርትራ ዝጸልእዋን ንዝኾነ ቅዱስ ምንቅስቓሳታን ክቃወሙ ዝረኣዩ።ንሕና ኤርትራውያን ጠሚና ኣብልዑና ኣይበልናዮም ጸሚእና ኣስትዩና ኣይበልናዮም ዓሪቕና ክደኑና ኣይበልናዮም፡ ንሕና ዝበልና ኣብታ ዓድና ኣብታ መሬትና ግደፉና ሰላም ሃቡና ንነብስና

ባዕልና ክንክእል ኢ.ና ኢ.ድኩምን እግር`ኹምን ኣክቡልና ኢ.ና ዝበልና። ንሕና ኤርትራውያን ብተፈጥሮና ደለይቲ ሰላም እምበር ጻሕተርቲ ሓዊ ደርበይቲ ኣእማን ኣይኮናን፡ በትሪ ወይ እምኒ ሒዙ ክሃርመና ንዝመጽእ ኣይፋልካን ግደፍ እንታይ ክትረክብ ንብሎ እንተኣበየ ከኣ በታ በትሩ ኣእዳዉን ኣእጋሩን ሰባቢርና ንድርብዮ። ንሕና ኤርትራውያን ንሃገርና ዘየቋርጽ ፈልፋሊ ነዳዲ እናደንፍዐ ዝኸይድ ካፒታል ምኻንና ኣጸቢ`ቕና ኢ.ና እንፈልጥ። ስለዚ ንሕና ጸላእትና ንምጥፋእና በዝን በትን ኣብ ዝጓየዩሉ እዋን ንሕና ከኣ ብኣንጻሩ ሓድነትና ዝያዳ ኣደንፊዕና ብዘሎና ዓ`ቕሚ ሃገርናን መንግስትናን ብቑጠባ ከነደንፍዕ ብዝሓየለ ዓ`ቕሚ ክንጓየ ኣሎና። ሽዑ ኢ.ና ከኣ ሕቖ ጸላእትና ኣብ ክልተ እንሰብርን ንእከይ ዕላምኦም ከንቱ እንገብርን ። እዚ ከኣ ካብ ጀጋኑ ሰማእታትና ዝተቐበልናዮን ኣብ ደምና ዝሰረጸን ሕድሪ እዩ። ነፍሲ ወከፍና ምንባርና ንሃገርና፡ ህምናን ቀልብናን ነቲ ሃገርና ጽባሕ ክትኮኖ እንብህጎ ሎሚ ክንሰርሖ ከም ዘሎና ፈሊጥና ብትብዓትን ቆራጽነትን ተወፋይነትን ክንሰርሕ ኣሎና።ነዚ ረሲዕና እንተበላዕና እንተሰቴና ጽቡ`ቕ እንተተ`ኸደንናን ረገጽናን ስጋና ጽባሕ ንሓመድ እዩ፡ እቲ ብድሕሬና ንወለዶታት ዝተርፍ ስምናን ግብርናን እዩ። ስምናን ግብርናን ክንብል እንከሎና ጽቡ`ቕ ስምን ግብርን ከምኡ ድማ ሕማ`ቕ ስምን ግብርን ተባሂሉ ይ`ኽፈል።ንሕማ`ቕ ስምን ግብርን ዝምነ ሰብ ኣሎ ኣይብልን። ንጽቡ`ቕ ስምን ግብርን ግን ኩሉ ይምነያ፡ እቲምንታይ ነቶም ቀጸልቲ ወለዶታት ዝ`ኽሪ ሓበን ስለ ዝ`ኾነ። ክንመውት ምስ ሞትና ካብ ገንዘብና ሓንቲ ሳንቲም ውን ት`ኹን፡ ካብ ክዳንና ውን ሓንቲ ካናቴራ ውን ኣይንማላእን ኢ.ና። ቪ.ላ ፓላሶ እንተሰራሕና ውን ንመቓብር ምሳና ሒ.ዝናዮ ኣይን`ኸይድ ወይ ውን ኣብኡ ኣይን`ቕበርን ኢ.ና። እዚኣ እያ ዓለም። እዚ ካብ ኮነ ንሃገርናን ህዝብናን ብ`ኹሉ ዓ`ቕምና ብህይወት ክሳብ ዘሎና ክንሰርሕ ኣሎና።ንመጻኢ. ወለዶ ነ`ቕ ዘይብል ሰረት ከነንጽፈሉ ኣሎና። ኤርትራዊ ብናይ ማንም ጃ`ህራን ፈ`ኸራን ዕዘፍዘፍን ኣይርዕድን ኣይሰናበድን ኣይምብርከ`ኽን እዩ። ኤርትራዊ ክሰግድን ክትኩስን ከሎ ጥራይ እዩ ዝምብርከ`ኹ

ዘለኣለማዊ ዝ`ኽርን ክብርን ንሰማእታትና!
ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ!